# መምርሒ ኣባይቲ፣ ንኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ስደተኛታት

## ኣማራጺታት መንበሪ ኣባይቲ፥ ካብ ግላስገው ምግዓዝ

ንእሽቶ ጽሑፍ 2 - ታሕሳስ 2010

scottish refugee council

Tigrinya

ብዛዕባ እቲ ዘቕረብክሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ብዝምልከት ኣዎንታዊ ውሳነ ምስተወሃብኩም፣ ንናይ ኣባይቲ ኣገልግሎታት ብዝምልከት፣ ልክዕ ከም ካልኦት ዜጋታት ዓዲ እንግሊዝ፣ ሓደ ዓይነት መሰላትን ሓለፋታትን ይወሃበኩም፤ ከምእውን ኣበይ ክትነብሩ ከምእትደልዩ ምርጫ ይወሃበኩም።

ኮይኑ ግን ናብ ኢንግላንድ ወይ ዌልስ ናይ ምቕያር ድልየት እንተኣለኩም ከቢድ ክኸውን ስለዝኽእል ካብ ስኮትላንድ ናይ ምቕያር ዝምልከት ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ተወከሱ ወይ ከኣ ምስ ሰራሕተኛታትና ተማኸሩ።

ካብ ግላስገው ናብ ካልእ ቦታ ክትግዕዙ ትኽእሉ ኢኹም። ከምዚ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ድማ፣ እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ኣባይቲ ብኸመይ ክትረኽቡ ከምእትኽእሉን ከምእውን እቲ ካብ ሆም ኦፊስ (ቅድሚ ሕጂ NASS ዝበሃል ዝነበረ) ትረኽብዎ ዝነበርኩም ሓገዛት ምስኣቋረጸ እንታይ ክትገብሩ ከምእትኽእሉ ይገልጽ። ካብ ግላስገው ንምግዓዝ ቅድሚ ምውሳንኩም፣ እኹል ምኽሪ ክትረኽቡ ይግበኣኩም። ነቲ ብዛዕባ ናይ ስደተኛታት ኣባይቲ ዝግደስ ጉጅለና ብስልኪ ቁጽሪ 0800 085 6087 ብምድዋል ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

### መንበሪ ፍቓድ ኣሎኒ – ሕጂ እንታይ ይስዕብ?

እቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንምንባር ሓንሳብ ፍቓድ ምስሃበኩም፣ ድሕሪ ደጊም ሓተቲ ዑቕባ ኣይኮንኩምን። እዚ ማለት ድማ እቲ ኤጀንሲ ዝህበኩም ዝነበረ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ከምእውን ኣባይቲ የቋርጽ ማለት እዩ።

### መንበሪ ፍቃድ ኣሎኒ ከምእውን ኣብ ውሽጢ ስኮትላንድ ናብ ካልእ ቦታ ክቕይር እደሊ። እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

ኣብቲ እትደልይዎ ቦታ ድሮ መንበሪ ኣባይቲ ኣዳሊኹም እንተ ኰንኩም፣ ነቲ ሕጂ መንበሪ ኣባይቲ ሂብኩም ዘሎ ኣካል ብምሕባር ናብቲ ሓድሽ ገዛኹም ክትግዕዙ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ መጎዓዚ ከምእውን ንብረትኩም መግዓዚ ወጻኢታት ምኽፋል ሓላፍነትኩም ይኸውን።

መንበሪ ኣባይቲ እንተደኣ ዘይረኸብኩም ድማ፡ መንበሪ ገዛ ከምዘይብልኩም ከተመልክቱ ይግበኣኩም። ነዚ እትገብርሉ መንገዲታት ድማ ኣብዚ እዋን እዚ ኣበይ ከምእትነብሩ መሰረት ይፈላለ፥

- ኣብቲ ብናይ ግላስገው ከተማ ካውንሲል ዝወሃብ መንበሪ ኣባይቲ ትቕመጡ እንተደኣ ኣሎኹም ኰንኩም፡ ነቲ ካውንሲል ክትግዕዙ ከ ም ዝደለኹም ክትሕብርዎ ይግባእ። እቲ ካውንሲል ድማ ካብ መንበሪ ኣባይትኹም ለቒቕኩም ክትወጹ ከምዘለኩም ዝሕብር ብሆም ኦፊስ (ናይ ቀደም NASS) ዝተጻሕፈ ምልክታ ይህበኩም። ነዚ ምልክታ እዚ ምብሓዝ ድማ ኣብቲ ክትቕመጥሉ እትደልዩ ቦታ መንበሪ ኣባይቲ ከምዘይብልኩም ከተርእዩ ትኽእሉ።
- ኣብቲ ብኤንጅል ወይ YMCA ዝተወሃበ ኣባይቲ ትቕመጡ እንተደኣ ኣሎኹም፡ ክትወጹ ከምዘሎኩም ድሮ ምልክታ ተዋሂብኩም ኣሎ ማለት እዩ። ነዚ ምልክታ እዚ ብምሓዝ ድማ፡ ኣብቲ ክትቕመጥሉ እትደልዩ ቦታ መንበሪ ኣባይቲ ከምዘይብልኩም ከተርእዩ ትኽእሉ።

## ናይ መንበሪ ኣባይቲ ዘይብሎም (ኣባይቲ ኣልቦ) ምልክታ ብኸመይ ከቕርብ እኽእል?

ብዙሓት ካውንስላት ብዛዕባ ኣባይቲ ኣልቦነት ዝቐርብ ሕቶታት ዝርእዩን ዘካይዱን ናይ ኣባይቲ ኣልቦ ጉጅለ ኣለዎም፡ ወይድማ እቲ ናይ ከባቢ ኣባይቲ ቤት ጽሕፈት ክቕበለኩም ይኽእል እዩ። ናብቲ ክትቕመጥሉ እትደልይዎ ቦታ ዘሎ ካውንሲል ብምድዋል፡ እቲ ናይ ኣባይቲ ኣልቦ ሕቶኹም ብኸመይ ከምተመልክቱ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣድራሻታት ናይ ከባቢ ካውንስላት ብዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ናይ Directgov መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ፥

http://www.direct.gov.uk/en/Dl1/Directories/DevolvedAdministrations/DG_4003604

ከምእውን ናይ ነፍሲ ወከፍ ካውንስል ዝርዝር ኣድራሻ ኣብዚ ናይ ስኮትላንድ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት መሐበሪ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፥

http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_services_directory

መጎዓዚ ባዕልኹም ክትረኽቡ ከምእውን ንዓኹምን ንብረትኩም መግዓዚ ወጻኢታት ምኽፋል ሓላፍነትኩም ይኸውን።

## መንበሪ ኣባይቲ ከምዘይብለይ ምስ ኣመልከትኩ ስዒቡ ዝመጽእ እንታይ እዩ?

መንበሪ ኣብይትኹም ለቒቕኩም ካብ ምውጻእ ካልእ ኣማራጺ ስለዘይብልኩም፡ ኣብቲ ክትነብርሉ እትደልዩ ቦታ ዘሎ ካውንሲል ናይ መንበሪ ገዛ ከምዘይብልኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ዘቕረብክሞ ሕቶ ውሳነ ክሳብ ዝህብሉ ድማ መንበሪ ክህብኹም ሓላፍነት ኣለዎም።

ነቲ ዘእተኽሞ ሕቶ ውሳነ ንምሃብ፡ እቲ ካውንሲል ሰለስተ ነገራት ኣብ ግምት የእቱ። እዚኣቶም ድማ እዞም ዝስዒቡ እዮም፥

- ገዛ ከምዘይብልኩም ወይ ከኣ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ገዛ ከምዘይህልወኩም ኣረጋግጹ።
- ንምንታይ ናትኩም ሕቶ ኣቐዲሙ ክርአ ከምዘለዎ ይውስን፤ ምኽንያቱ ድማ ኣባይቲ ደልዮም ብዙሓት ሰባት ናብኡ ስለዘመልክቱ። ንኣብነት፡ ጥዕናኹም ወይ ጥዕና ምሳኹም ዝቕመጡ ኣባላት ስድራቤት፡ ከምእውን ንኣሽቱ ቆልዑ ኣለውኹምን የብልኩምን፡ ወይውን ቀደም ሓተቲ ዑቕባ ከለኹም ኣብምንትስይ ኩነታት ከምዝነበርኩም ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ ግምት የእቱ።
- መንበሪ ኣባይቲ ዝሰኣንክሙሉ ምኽንያት ብናትኩም ጥፍኣት ምኽንያት ከምዘይኮነ የረጋግጽ። ምኽንያቱ ነቲ ዘለኩም መንበሪ ለቒቕኩም ካብ ምውጻእ ካልእ ኣማራጺ ስለዘይብልኩም፡ እቲ ካውንሲል ብፍቓድኩም ኣባይትኹም ገዲፍኩም ክብለኩም ኣይክእልን እዩ።

## እቲ ካውንሲል እንታይ ከምዝወሰነ ብኸመይ ይፈልጥ?

እቲ ምልክታ ምስ ኣእተኹሞ ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት፡ እቲ ካውንሲል እንታይ ከምዝወሰነ ዝሕብር ደብዳበ ክትወሃቡ ኢኹም። እቲ ውሳነ ጌጋ እዩ ኢልኩም እንተደኣ ትሓስቡ ኰንኩም፡ እቲ ካውንሲል ሕቶኹም እንደገና ንኽርእየልኩም ክትሓቱዎ መሰል ኣለኩም። ከምዚ ቅድሚ ምግባርኩም ብቕልጡፍ ምኽሪ ክትሓቱ ይግባእ፥ ነቲ ብዛዕባ ናይ ስደተኛታት ኣባይቲ ዝግደስ ጉጅለና በዚ ቁጽሪ እዚ 0800 085 6087 ብምድዋል ተወከስዎ።

## ባይቶ ገዛ ከምዘይብለይ ገምጊሙ ወሲኑ። ድሕሪኡ እንታይ ይኸውን?

ባይቶ ቀዋሚ መንበሪ ክረኽበልኩም እዩ። ነፍስ ወከፍ ባይቶ ዝተፈላለየ ዓይነት ቀዋሚ ናይ መንበሪ ቀረባት ከዳልወልኩም ይኽእል። ኩሉ ቀረብ ብጽሑፍ ክኸውን ኣልዎ። ዝቐረበልኩም ቀረብ ከምትደልይዎ ወይ ከኣ ርትዓዊ ኮይኑ እንተዘይረኸብኩሞ ክትቅበልዎ የብልኩምን። ኮይኑ ግን ነቲ ቀረብ ቅድሚ ምንጻግኩም ኩሉ ግዜ ምስ ናይ ዑቕባ ሰራሕተኛታና በዚ ቁጽሪ 0800 085 6087 ተማኸሩ

ኣባይቲ ንኽህበኩም ነቲ ካውንሲል ጥራይ ክትጽበዩ የብልኩምን። ከምዚ ዝሰዕብ እውን ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም፥

- ናብቲ ናይ ከባቢ ናይ ኣባይቲ ማሕበር ገዛ ንኽህበኩም ከተመልክቱ ይግባእ፡
- ብግሊ ምክራይ እውን ኣብ ግምት ከተእትውዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብዚ ናይ ስኮትላንድ መፅቀቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥
http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/asylum_seekers and refugees/asylum_seekers_with_leave_to_remain/former_asylum_seekers_and_homelessness#3

**መንበሪ ኣባይቲ የብለይን ኢለ ምልክታ ከእቱ ኣይደለኹን። ኣብ ስኮትላንድ ኣባይቲ ንምርካብ እንታይ ኣማራጺታት ኣሎኒ?**

ኣብ ስኮትላንድ ሓድሽ መንበሪ እትረኽብሉ ብዙሕ ዝተፈላለየ መንገድታት ኣሎ፥

- ካብቲ ናይ ከባቢ ካውንሲል ወይድማ ካብቲ ናይ ኣባይቲ ማሕበር ክትካረዩ ትኽእሉ ኢኹም
- ካብ ናይ ግሊ ኣካራዪ ወይድማ ካብ ናይ ክራይ ኤጀንሲ ክትካረዩ ትኽእሉ ኢኹም
- ኣብ ኮሌጅ ወይድማ ዩኒቨርሲቲ ትመሃሩ እንተደኣ ኣሎኹም ኰንኩም፡ መንበሪ ካብኡ ክትካረዩ ትኽእሉ ኢኹም
- ገዛ ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም

**ካብቲ ናይ ከባቢ ካውንሲል ብኸመይ ክካረ እኽእል?**

ኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ መብዛሕትኦም ካውንሲላት ዝካረ ኣባይቲ ኣለዎም። ዕድመኹም ልዕሊ 16 ዓመት ኮይኑ መንበሪ ፍቓድ እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፡ ናይ ካውንሲል ኣባይቲ ክወሃበኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ካውንሲል ኣባይቲ ንምርካብ ከተመልክቱ እንከለኹም፡ ካብቲ ካውንሲል ክፍሊ ኣባይቲ ናይ መመልከቲ ፎርም ብምውሳድ ክትመልኡ የድልየኩም። ብደብዳበ፣ ስልኪ ብምድዋል፣ ከምእውን ብኣካል ናብቲ ቤት ጽሕፈት ካውንሲል ብምኻድ ፎርም ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ምስቲ ፎርም፡ እቲ ካውንሲል ነዚ ስዒቡ ተዘርዚሩ ዘሎ ዝገልጽ ሓጺር ጽሑፍ ክህበኩም እዩ፥

- ነቲ ፎርም ብኸመይ ክትመልእ ከምዘሎካ፡
- መንነትካ ንምግላጽ እንታይ ዓይነት ደኰመንትታት ከምዘድልየካ፡
- ምስ መላእክሞ ደሓር እቲ ፎርም ብኸመይ ከምዝሰርሕ፡
- እቲ ካውንሲል ኣባይቲ መጀመርያ መን ክቕበል ከምዘለዎ ብኸመይ ከምዝውስን።

እቲ ካውንሲል ናይ ተጸበይቲ ሊስታ ክህልዎ ይኽእል እዩ፤ ብመሰረት እቲ ዝሰርሑሉ ሕጊ ድማ ማዕረ ክንደይ ገዛ ከምዘድልየኩም ይግምግም – እዚ ድማ እቲ ናይ ምውዛዕ ፖሊሲኡ እዩ። ንኣብነት፡ ነቶም ኣባይቲ ዘይብሎም ሰባት ቀዳምነት ይህብዎም።

**ካብ ናይ ኣባይቲ ማሕበር ብኸመይ ክካረ እኽእል?**

ካብ ነፍሲ ወከፍ እትኸድዎ ናይ ኣባይቲ ማሕበር፡ ናይ መመልከቲ ፎርም ከምእውን ብኸመይ ከተመልክቱ ከምእትኽእሉን እቲ ማሕበር ኣባይቱ ብኸመይ ከምዝዕድልን ዝሕብር ሓጺር ጽሑፍ ምስኡ ይህብኹም። መብዛሕትኦም ማሕበራት ብዙሓት ተጸብይቲ ኣለዎም፡ ስለዝኾነ ድማ እዚ ከም እንኮ ኣማራጺ ጌርኩም ክትወስድዎ የብልኩምን። ኣብዚ ናይ ስኮትላንድ መዕቀቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ እትነብርሉ ኣባይቲ ድለዩ፥
http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/housing_associations

**ካብ ናይ ግሊ ኣካረይቲ ብኸመይ ክካረ እኽእል?**

ናይ ግሊ ኣባይቲ ክትረኽብሉ እትኽእልሉ ብዙሕ ዝተፈለለየ መንገዲታት ኣሎ። ከምዚ ዝሰዕብ ክትገብሩ ትኽእሉ፥

- ቤተሰብኩም፣ ፈተውትኹም፣ ወይ መሳርሕትኹም ዝካረ ኣባይቲ ዝፈልጡ እንተኾይኖም ሕተትዎም።
- ኣብ ድኳናት ከምእውን ኣብ ናይ ዕዳጋታት፣ ናይ ማሕበረኮም ማእከላት፣ ወይድማ ናይ ኮለጃትን ዩኒቨርሲታትን ናይ ምልክታ ሰሌዳ ዝለጠፍ መዋዓውዒ ተመልከቱ። መንበሪ ኣባይቲ ትደልዩ ከምዘሎኹም ዝገልጽ ምልክታ እውን ባዕልኹም ክትለጥፉ ትኽእሉ ኢኹም።
- ኣብ ናይ ውሽጢ ጋዜጣታትን መጺሄታትን ዝለጠፍ መዋዓውዒ ተመልከቱ።
- ኣብ ኢንተርነት ድለዩ፥ ብዛዕባ ዝካረ ንብረት ዝሕብሩ ብዙሓት መርበብ ሓበሬታት ኣለዋ።
- ነቲ ናይ ከባቢኹም ካውንሲል ብግሊ ዘካርዩ ወነንቲ ኣባይቲ ይፈልጥ እንተኾይኑ ሕተትዎ።
- ነቶም ዘካርዩ ኤጀንሲታት ተወከስዎም – ኣብ መብዛሕትኡ ናይ ዕዳጋ ቦታታት ቤት ጽሕፈት ኣለዎም።

ብግሊ ክትካረዩ እንከለኹም ብዙሕ ኣብ ግምት ከተእትውዎም ዝግበኣኩም ነገራት ኣለው። ኣብቲ ኣብ ናይ ስኮትላንድ ስደተኛታት ካውንሲል መርበብ ሓበሬታ ዝርከብ፡ "ካብ ናይ ግሊ ወነንቲ ኣባይቲ ምክራይ" ዝብል ተኻታታሊ ጽሑፍ ቁጽሪ 6 ተመልከቱ። ካብዚ ብዛዕባ ናይ ስደተኛታት ኣባይቲ ዝግደስ ጉጅለና በዚ ቁጽሪ እዚ **0800 085 6087** ብምድዋል ዝያዳ ምኽሪ ክትሓቱ ይግባእ።

ኣብቲ ናይ ስኮትላንድ መዕቆቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ፡ ብዛዕባ ዝካረዩ ቦታታት ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥

http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/renting_privately/finding_private_rented_accommodation

**ተማሃራይ ምስ ዝኾውን'ከ?**

እቲ ዩኒቨርሲቲ ወይድማ ኮሌጅ መንበሪ ቦታ ክህበኩም እንከሎ፡ ብዛዕባ መንበሪ ኣባይቲ ሓበሬታ ድማ ክልእኽልኩም ይግባእ። ዋላሓደ እንተደኣ ዘይበጽሓኩም፡ ነቲ ናይቲ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ናይ መንበሪ ክፍሊ ደውልሉ። ኣብዚ ናይ ስኮትላንድ መዕቆቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ እትነብርሉ ኣባይቲ ብኸመይ ከምእትረኽቡ ዝያዳ ሓበሬታ ድለዩ፥

http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/student_accommodation

ከም ተማሃራይ መጠን፡ መንበሪ ኣባይቲ ንምርካብ ናብ ካውንሲል ወይድማ ማሕበር ኣባይቲ ከተመልክቱ ትኽእሉ ወይውን ናይ ግሊ ዝካረ መንበሪ ኣባይቲ ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም።

ተማሃራይ እንተደኣ ኰንኩም፡ ነቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ተማሃሮ መንበሪ፡ ዝርዝር ሊስታ ንተማሃሮ ዘካርዩ ወነንቲ ኣባይቲ ንኽህበኩም ሕተትዎ።

**ገዛ ብኸመይ ክገዝእ እኽእል?**

ገዛ ክትገዝኡ ከለኹም ካብ ነጻ ዝኾኑ ናይ ገንዘግ ማለት ፍናንሳዊ ኣማኸርቲ: እቲ ዋጋ ገዛ ልዕሊ ዓቕምኹም ከይከዊን ንመጻኢ እውን ዋንነት ናይ ገዛኹም ከተውሕሱ ከምትኽእልዎ ንምርግጋጽ ምኽሪ ክትረኽቡ ፈትኑ።

ገዛ ክትገዝኡ እንከለኹም፡ ሕጋዊ ዝኾነ ኣሰራርሓ ናትኩምን ናይቲ ሸያጣይን ድሌታት ኣብ ግምት ብምእታው ይሰርሕ። ምኽሪ ክትረኽቡ ይግባእ፡ ብዝበለጸ ድማ ካብ ጠበቃ እንተኾይኑ ይምረጽ። እዞም ዝስዕቡ እቲ ክትገብርዎ ዝግበኣኩም ቀንዲ ነገራት ይገልጹ፥

- ገዛ ክትገዝኡ ዓቕሚ ከምዘለኩም ኣረጋግጹ – ከምእውን ኣብልዕሊ እቲ ናይቲ ገዛ ዋጋ፡ ካልእ ከምኒ ናይ ሕጊ ወይድማ ናይ ቅየሳ ዝኣመሰሉ ወጻኢ.ታት ኣለዉ።
- ነቲ ሕጋዊ መስርሕ ዝከታተለልኩም ጠበቓ ርኸቡ
- እቲ እትደልይዎ ገዛ ርኸቡ

ገዛ ክትገዝእ እንከለኻ ዝግበር ርጉጽ ዝኾነ መስርሕ ኣሎ፡ ከምእውን እቲ ነዓኹም ዘድልየኩም ንግቡእ ንምርካብ ግዜ ክወስድ ስለዝኽእል ወጻኢ.ታት ክበዝሕ ይኽእል እዩ፡ ስለዝኾነ ድማ እኹል ምኽሪ ክትረኽቡ ይግበኣኩም።

ስኮትላንድ መዕቀቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ ገዛ ምግዛእ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፥

http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/buying_a_home

**መንበሪ ፍቓድ ስለዘሎኒ ናብ እንግላንድ ወይድማ ዌልስ ክግዕዝ እደሊ ኣለኹ። እንታይ ክገብር ኣሎኒ?**

ዛጊት እትነብርሉ ገዛ እንተደኣ ዘይረኸብኩም ኰንኩም፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ውሳነ ክትውስኑ ከለኹም ኣጸቢ.ቕኩም ክትሓስብሉን ምኽሪ ክትሓትሉን ይግባእ። ኣብዚ ቦታታት እዚ ኣባይቲ ከምዘይብሎም ኮንኩም ክትቀርቡ ኣሸጋሪ ክኸውን ይክእል እዩ፡ ምኽንያቱ ድማ እንግላንድስ ዌልስን ካብ ስኮትላንድ ፍልይ ዝበለ ናይ ኣባይቲ ሕጊ ስለዘለዋ። ኣብቲ ቦታ ናይ ከባቢ ርክብ ከምዘለኩም ከተረጋግጹ እንተደኣ ዘይከኣልኩም እቶም ናይ ከባቢ ሰበስልጣናት ናይ ስኮትላንድ ክመልስኹም ይኽእሉ እዮም።

**’ናይ ከባቢ ርክብ’ እንታይ ማለት እዩ?**

ካብ ናይ ዘቤታዊ ዓመጽ ወይ ካልእ ዓይነት ግፍዒ ክትሃድሙ እንተዘይኮይኑ፡ ካብኡ ወጻኢ ኣብቲ ክትቕመጥዎ እትደልዩ ቦታ ናይ ከባቢ ርክብ ከምዘለኩም ከተረጋግጹ ክትሕተቱ ትኽእሉ– እዚ ማለት ከኣ፥

- ናይ ስድራቤት ርክብ – ግና ናይ ኣዝማድ ዘይኮነ
- ናይ ጥዕና ድሌታት – እቲ ዘድልየኩም ናይ ሕክምና ዓይነት ኣብዚ ሕጂ እትነብርዎ ዘለኹም ቦታ ክትረኽብዎ እንተደኣ ዘይከኣልኩም
- ስራሕ – እዚ ድማ ዝተረጋገጸ ስራሕ ክኸውን ኣለዎ።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዝገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። ምዝጉብ ግብረሰናይ። SC008639

ትምህርቲ ወይ ናይ ስልጠና ቦታ ብዝምልከት ናይ ከባቢ ርክብ ኣሎኒ ክትብሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ናይ መጎዓዚ ከምእውን ንብረትኩም መግዓዚ ወጻኢታት ምኽፋል ሓላፍነትኩም ይኸውን።

ኣብቲ እትደልይዎ ቦታ ድሮ መንበሪ ኣባይቲ ኣዳሊኹም እንተ ኰንኩም፣ ነቲ ሕጂ መንበሪ ኣባይቲ ሂብኩም ዘሎ ኣካል ብምሕባር ናብቲ ሓድሽ ገዛኹም ክትግዕዙ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ መጎዓዚ ከምእውን ንብረትኩም መግዓዚ ወጻኢታት ምኽፋል ሓላፍነትኩም ይኸውን።

**ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ እኽእል?**

እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ሓፈሻዊ ዝኾነ ምኽሪ ይህብ። ካብ ግላስገው ክትወጹ ኣብ ውሳነ ቅድሚ ምብጻሕኩም ኣጸቢቕኩም ክትሓስብሉ ይግባእ። እንታይ ኣማራጺታት ከምዘለኩም ክትመያየጡ እንተደኣ ደሊኹም፣ ነዚ ብዛዕባ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ኣባይቲ ዝግደስ ጉጅለና በዚ ስልኪ ቁጽሪ ክትውከስዎ ይግባእ **0800 085 6087**

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዝገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። ምዝገባ ግብረሰናይ። SC008639